Ministerie van Sociale Zaken en Werkgelegenheid

# ቃል ማሕበራዊ ተሳትፎ

## *ናብ ኔዘርላንድ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም!*

ኔዘርላንድ፡ ግዝኣተ ሕጊ ዘለዋ ዲሞክራስያዊት ሃገር እያ። እዚ ማለት፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ማዕረ መሰላት ዘለዎ ኮይኑ፡ ኩሉ ሰብ ብሕግታት ተማእዚዙ ናይ ምኻድ ግቡእ ኣለዎ። ኣብ ሃገረ ኔዘርላንድ ከም ናጽነት፡ ማዕርነትን ምሕዝነትን ዝኣመሰሉ ክብርታት ኣገዳሲ ተራ ይጻወቱ። ምስ'ዞም ክብርታት ጎኒ ንጎኒ ተሳንዮም ዝኸዱ መሰላት'ውን ኣለዉ። እንትኾነ፡ እዞም ክብርታት ዘላቕነት ክህልዎም ዝኽእል፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣብ ሕብረተሰብ ኣበርክቶ ምስ ዝገብር ጥራሕ እዩ። ስለዚ፡ ኣብ ሃገረ ኔዘርላንድ፡ ተሳትፎ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

*ናጽነት:*

ኣብ ሃገረ ኔዘርላንድ፡ ኩሉ ሰብ ዝደለዮ ክሓስብ፡ ክገብር ከምኡ'ውን ክዛረብ መሰል ኣለዎ። እዚ ማለት:-

- ነፍሲ ወከፍ ሰብ፡ ሓሳቡ ክገልጽ መሰል ኣለዎ;
- ነፍሲ ወከፍ ሰብ፡ እምነት ክህልዎ መሰሉ ዝተሓለወ ኮይኑ፡ ሃይማኖት ክህልዎን ከይህልዎን ባዕሉ ብናጻ ይውስን;
- ነፍሲ ወከፍ ሰብ፡ ዘለዎ ስጋዊ ዝምባሌታት ብገዛእ ርእሱ ባዕሉ ናይ ምውሳን መሰል ኣለዎ;
- ነፍሲ ወከፍ ሰብ፡ ናይ ግዛእ ርእሱ ንሂወቱ ዝምልከቱ ውሳኔታት ናይ ምግባር ኮነ ነብሱ ናይ ምኽኣል መሰል ኣልዎ።

ይኹን እምበር፡ እዞም መሰላት ገደብ ኣለዎም። ሓደ ሰብ፡ ምስ ሕጊ ዝጻረር ክዛረብ ኮነ ክግበር ኣይክእልን። ንኣብነት፡ ኣብ ልዕሊ ሰባት ዓሌታዊ ኮነ ካልእ ኣድልዎ ምግባር፡ ጽልኢ ምጥቋስ ከምኡ'ውን ናዕቢ ምልዕዓል ፍጹም ኣይፍቀድን።

*ማዕርነት:*

ኣብ ሃገረ ኔዘርላንድ፡ ኩሎም ነበርቲ ብማዕረ ይስርዑ። ኣብ ጾታ፡ እምነት፡ መበቆል ኮነ ስጋዊ ዝምባሌ ተሞርኪስካ ኣብ ልዕሊ ሰባት ኣድልዎ ምግባር ተቐባልነት የብሉን።

*ምሕዝነት:*

ኣብ ሃገረ ኔዘርላንድ፡ ነበርቲ ጥርኑፍ ማሕበራዊ ሓላፍነት ኣለዎም። ነበርቲ፡ ውሑስ ኩነታት መነባብሮ፡ ኣዕጋቢ መንበሪ ኣባይቲ፡ ቅኑዕ ኩነታት ዕዮ፡ እኹል ደሞዝ፡ ጽቡቕ ናይ ትምህርቲ ዕድላት ከምኡው'ን ጽቡቕ ክንክን ጥዕና ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም። መንግስቲ ድማ ብወገኑ፡ ንነበርቲ ካብ ምዝመዛን ዘይምዕሩይ ኣተሓሕዛን ናይ ምሕላው ግቡእ ኣለዎ። ነበርቲ፡ ናይ ናብርኦም ሓላፍነት ባዕሎም ክስከሙ ኣለዎም። ባዕሎም ነብሶም እንተዝይክኢሎም እሞ ሓጋዚ ድማ እንተዘይብሎም፡ መንግስቲ ሓገዝ የበርክተሎም።

*ተሳትፎ:*

ኣብ ሃገረ ኔዘርላንድ፡ ኩሉ ሰብ ተሳታፊ ናይ'ዚ ሕብረተሰብ ኮይኑ ኣብ ምዕቃብ ውሑስን ምቹእን ሃዋህው ዝከኣሎ ከበርክት ትጽቢት ይግበረሉ። እዚ ተሳትፎ ንኣብነት፡ ኣብ ስራሕ ዓለም ብምስታፍ፡ ትምህርቲ ብምክትታል ወይ'ውን ናይ ወለንታዊ ስራሕ ብምስራሕ ክካየድ ይኽእል። እዚ ኣብ እትነብረሉ ከባቢኻ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ወይ'ውን ኣብ ማሕበር ክኸውን ይኽእል። ነዚ ንምግባር፡ ቋንቋ ሆላንድ ምፍላጥ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

*ክብርታትን ሕጋጋትን ናይ ሕብረተሰብ ሃገረ ኔዘርላንድ ከምዝተረደኣንን ከምዘኽብሮን ይገልጽ። በዚ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ሃገረ ኔዘርላንድ ብንጥፈት ናተይ ተራ ከበርክት ከምዝደልን፡ ካብ'ቶም ናይ'ዚ ሃገር መናብርተይ ድማ ነዚ ንኽተግብር ዝሕግዝ ዝከኣል ናጽነት ክረክብ ተስፋይ ምዃኑ ብኽታመይ የረጋግጽ።*

ስም:

ዕለተ ልደት:

ክታም:

_______________________

ዕለት ____ - _____ - _____ , ቦታ ______________________